ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil
Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

## እምነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ብርኩ እምበር ኣብ መርሕ ኣልቦ ምድማርን ምጉዳልን ኣይኮነን!

**<u>እዋናዊ መርገጺ ሰብ ሕድሪ!</u>**

ህዝቢ ትግራይ ዝበለጸ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ዝጸምኦ ወረጃ በዓል ራእይ ህዝቢ ድኣ እምበር" ከምቲ ሰብ ዋና ናይቲ መትሕዝን መጨበጥን ዘይብሉ ብሽም ለውጢ ዝሳለጥ ዘሎ ህውታተ፤ ኣንጻር ኣወንታዊ ለውጢ ደው ዝበለ ዝበስበሰ ሕብረተሰብ ኣይኮነን፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ እውን እዩ ህዝቢ ትግራይ ካብ ሰናይ ጉሓቱ ንለውጢ ልዕሊ ማንም ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ቅያ ዝሰርሐ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ነቲ ለውጢ ዝተብሃለ ክሳብ ሕዚ እንትርፎ ቀጻሊ ናይ ህይወት መቕዘፍትን መከራን ዝፈጠረ" ኣንጻር ልዕልና ሕግን ሕገ-መንግስትን ዘቕንዐ" ኣካይዳ ማእከላይ መንግስቲ ዝተቓወሞ እውን ካብ ብሄራዊ ረብሕኡን መትከላት ብሄራዊ ቃልሱን ተበጊሱ እምበር፤ ንውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለታት ንምሕጓስ ወይ ንምሕራቕ ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ትግራይ ካብ ምብሓት 20 ክ/ዘመን ጀሚሩ ኣንጻር ጎበጥቲ ስርዓታት ኣዲስ ኣበባ ዝተቓለሰ፤ ኢሉ ውን ኣብ መወዳእታ 20 ክ/ዘመን ብኻልኣይ ወያኑኡ ኣቢሉ ኣንጻር ጸላእቱ ተቓሊሱ ዝተዓወተ፤ ንጉሆ ተደሚሩ ምሸት እንዳጎደለ ዘይመትከላዊ ቃልሲ ብምክያዱ ኣይነበረን፡፡

ህዝቢ ትግራይ ነቲ ዝሓሸ ሰላምን፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ዝተርኣየሉ ድሕረ-ደርጊ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተርኣየ ዘመን፤ ልዕሊ ማንም መስዋእቲ ከፊለ ከይበለ ብመዳይ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራስን ትግራይ ኣንጻራዊ ድሕረት ከምዘለዋ እንዳፈለጠ ከየንጸርጸረ፤ ብሙሉእ ናተይነት ሰምዒት ሃገረ ኢትዮጵያ ክሃንጽ ተራእዩ፡፡ ኣብ ምፍጻም ሓቀኛ ስርዓት ፌዴራሊዝምን ዴሞክራስን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተርኣዩ ጉድለታትን ጌጋታትን እንተነበሩ ውን ናይቲ ክመርሕ ስልጣን ዝጨበጠ ህወሓት/ኢህወዴግ ወይ ድማ ናይቲ ውድብ በትረ-ስልጣን ዝጨበጡ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ደኣ እምበር ህዝቢ ትግራይ ዝሕተተሉን ዝውቀሰሉን ክኸውን ኣይምተገብአን፡፡

እቶም ለውጢ ነምጽእ ኣለና ዝብሉ ዘለው መዓስ ተደሚርም መዓስ ከምዝጎድሉ ዘይፍለጡ ሰብ ለውጢ ግን፤ ሕንኽ ከይበሉ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ከንዲ ምስጋና ጸለመ ጠቐነን ክለኽይዎ ተራእዮም፡፡ ንህዝቢ ትግራይ ዝረኸቡ መሲልዎም ነቲ ንኹላህና የረዳድእ እዩ ዝተብሃለ ሕገ-መንግስትን ፌዴራላዊ ስርዓትን ዝተሃነጸሉ መዋእል 27 ዓመታት፤ ዘመነ ጸልማት ከምዝነበረ ከእምኑ ከይሰልቸው ለይትን ቀትርን ሰሪሖም፡፡ ጉድለት ነይሩ እሞ ክንምልኦ ክነመሓይሾ እንተዝብሉ ህዝቢ ትግራይ ብጸጋ እዩ ክቕበሎ ዝነበረ፡፡ ሰብ ፍልስፍና ምድማር ግን ዓጋም ጠሓሰ ብሽም ለውጢ ናብ ጥሕሰት ሕገ-መንግስትን ልዕልና ሕግን ጢሒሎም፤ ይትረፍ ዝሓሸ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ክፈጥሩ፤ ሃለዋት ሃገረ ኢትዮጵያ ዘቃብጽ ስጉምታት በብምዓልቱ ክወስዱ መሪጾም፡፡

ነቲ ብዘይመትከላዊ ሽርክና ዘምጽእዎ ለውጢ ዝተሰምየ ጥሕሰት ሕገ-መንግስትን ህብረ-ብሄራዊ ፌዴራላዊ ስርዓትን ኣይቕበልን እምብለይ ሰለዝበለ፤ ንህዝቢ ትግራይ ክምትከኽዎን ክዋርድዎን ኩሉ ዝከኣሎም

ጸዕርታት ኣካይዶም:: ኣብ ኲሉ ዓውድታት፣ ኣብ ፓለቲካ፣ ኣብ ቁጠባን ካልኣት ዘፈራት ጸረ-ትግራይ ጎስጓሳት ሓንጺጾም ከድህልዎን ከስኩንዎን መሪጾም:: ምእንታን ርእሱ ከድንን ብቐጻሊ ውን ካብ ሰለማውን ዴሞክራስያውን ንሕንሕ ከወጽእ፣ ሊቃውንቲ ደቂ ነቶም ንሰለ ሓርነቱ ዝተጋደሉ ከይተረፈ ከዋረዱን ትሕተ-ሰብኣዊ ፍጡር ከሰሩውን ዙርያ-መለሽ ሰነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ተወሊዑ:: ኲባንያታት ትግራይ ብውድድር ናጻ ዕዳጋ ዘይኮነስ ብፓለቲካውን ቢሮክራስያውን ተጻብኣታት ተሰንኪለን ከወድቃ ርኡይ ቁጠባዊ ውግእ ኣብ ምትግባር ውን ይርከቡ::

እዙ ኹሉ ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽ፣ ኣምበርኪኽካ ድማ ታሪኻዊ ግዝኣቱ ጎዛዚኻ መንጢልካ ከም ብሄር ከጸንትን ከበርስን ዝተምሃዘን ከትግበር ዝተሃቀነን ሓደጋታት ግን፣ ንህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ሓድነቱ ከስጥም ዕድል ፈጢሩሉ እዩ:: ብየዋህነት ንዓደይ ከይበለ ነዛ ሃገር ከሃንጽ ዝኸሰረን ሑሉፋት ዓመታት እንዳፀብፀበ፣ ብዝርካቡ ንትግራይ ከልምዕ ከምዘለዎ እውን መለበሚ ኮይንዎ:: ፈኸራን ጃህራን ከየሰምበዶ ናይ ማንም ሓገዝን ምርኩስን ከየድለዮ፣ ብብርኩ ብባዕሉ ንባዕሉ ከድሕን ሉእላውነት ብሄሩን ግዝኣታዊ ሓድነት ዓዱን ከውሕስ ንመኸተ ድሉው ከምዝኾነ ኣርእዩ:: ኮታስ ፓለቲካዊ ፍልልያት ጸይሩ ሓጥያት ገዛኢ ውድብ ከይጸብጸበ፣ ናይ ውሽጢ ውራይ ንውሽጢ ኢሉ ብጸላእቱ ዝተሃንደሰ ሆቦብላ ንምምካት ከም ሐደ ኣካል ደው ኢሉ:: ሓደጋታት መሊኦም እንተዘይተመከቱ ውን ከም ህዝቢ ዓርሰ-እምነት ፈጢሩ ህልውንኡ ብባዕሉ ንገዛእ ርእሱ እኹል ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ:: ካልኣት ከባብታት ኢትዮጵያ እንትሕመሱ ትግራይ ብንጽጽር ዝሓሸ ሰላም ከተስፍን ምኽኣላ ከኣ ቀንዲ በዓል ዋንኡ ንሓድነቱ ዝቐንዐ ህዝቢ ትግራይ ምኻኑ ኲላህና ተጋሩ ተሓቢናሉ::

እዚ ከምዚ እንደሃለወ እዩ እምበኣር፣ እቶም ዘይመትከላዊ ምሕዝነት ፈጢሮም ናይ ሕሶትን መኻንን ፓለቲካዊ መርዓ ዝደገሱ ሓይልታት፣ ትማሊ ተደሚርና ኢና እሞ ንዑ ተደመሩ ከምዘይበሉ፣ ሎሚ ጎዲልና ዶ ተባኢስና ከብሉ ናብ ጽልምትምት ኣትዮም ያኢ መሓዘኦም ክንከውን በብገጾም ተሓወሱና ዝብሉ ዘለው:: ትማሊ ዘይከውን ኣይኸውን ግደፉ ሕግን ስርዓትን ኣይተፍርሱ እንትንብሎም፣ ብሓባር ኮይኖም ከምበርኩኹና ከምዘይጸዓሩ፣ ንፓለቲካዊ ድሌቶም ህዝብና ጅሆ ሒዞም ከም ዘይጨፍጨፍዎን ከም ዘየሳቐይዎን፣ ሎሚ በብገጾም ወፊሮም ቃልዓለማዊ ማሕላታት ኣሰንዮም ንህዝቢ ትግራይ ናብ ክሱር ፓለቲካዊ ጸወትኦት ከዕድምዎ ምርኣይ ክንደየናይ ንዕቀት ከምዝኾነ ግን ክርድኦም ኣይከኣለን::

ሰብ ሕድሪ እምበኣር ንሓለዋን ከብርን ትግራዋይ ዝተጣየሰ ትካል ብምኳኑ፣ ነዚ ናይ ሎማቅነ ድራማታት ምድማርን ምጉዳልን ብመትከል ክሪኦን ቁዋምን ከትሕዘሉን ተጋዲዱ ኣሎ::

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ ካብ ዝጣየስ ገና ዓመት ኣይመልአን:: እንተኾነ ሰብ ሕድሪ ብቑልጡፍ ናብ ተግባርን ውዳበን ከኣቱ ዘገደደ እቲ ሕዚ ውን ገና መዕለቢኡ ዘይተፈለጠ ኣብዛ ሃገር ዝተፈጠረ ዘየቕስን ኩነታት እዩ ዝነበረ እሞ ሕዚ ውን ነዚ ኩነታት ሰብ ሕድሪ ብፍሉይ ትኹረትን ህድኣትን እዩ ዝዕዘቦ ዘሎ::

ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ጀሚሩ ፈጢጡ ዝወፀ ፣ ናይ ነዊሕ ዘመን እጁል ጸገማት ዝፈጠሮ ህውከት፣ ብፍሉይ ንተጋሩ ኣደዳ ጥቕዓትን መከራን ዝገበረ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ:: ደሓር ደሓር እዚ

ህውከትን ዕግርግርን ቅድሚ ሓደ ዓመት ለውጢ ተባሂሉ ናብቲ ሕዚ ንርከበሉ ሃዋህው ከም ዝተኣተወ ድማ ወድዓዊ ሓቂ እዩ። ሰብ ሕድሪ ብመርሖ ዝተሃነጸ ለውጢ ንሓደ ሕ/ሰብ ከምዘድልዮ ይኣምን። ኣብ ኢትዮጵያ ዝበለጸ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራስን ክረጋገጽ ኣንፈቱ ዝነጸረ ለውጢ ክህሉ ውን ግድን እዩ።

ከም እምነት ሰብ ሕድሪ፣ ህዝቢ ትግራይ ትማሊ ኮነ ሎሚ ዋላ ውን ጽባሕ፣ ንፓለቲካ ኢትዮጵያ ኮነ ናይዚ ዞባ ኢሉ ውን ዓለም፣ ብመንጽር ብሄራዊ ረብሕኡ፣ ምርግጋጽ ብሄራዊ ሓርነቱ፣ ምቕጻል ግዝኣታዊ ሓድነቱን ብሄራዊ ልኡላውነቱን እዩ ክሪአ ዝግባእ። መሪሕ እስትራቴጂኡ ክኸውን ዘለዎ ውን እዚ እዩ። ድሕሪ እዚ ምስ መን ትዛመድ ካብ መን እንታይ ትረከብ ዝብል ገበጣ፣ ብስልቲ ደረጃ ክርአ ዘለዎ ድኣ እምበር ከምቶም መርሕ ኣልቦ ተደመርትን ጎደልትን ሎሚ ብናይ ሕሶት ድግስ ፓለቲካዊ መርዓ ኣካይዱ ጽባሕ ፍትሕ ዝሓትት ኣንፈት ዝጠፍኦ ህዝቢ ኣይኮነን።

ህዝቢ ትግራይ ክብርን ሞራልን ዘለዎ ንዝኣመኖ ብጽንዓት ደው ኢሉ ዝምጉትን ዝምክትን ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ውን ዝሰዋእ ህዝቢ ሰለዝኾነ ድማ፣ ሸበድበድ ምድማር ምጉዳልን ካብ ዕላምኡ ዘስሕቶ ህዝቢ ኣይኮነን። ትማሊ ተደሚርም ንህዝቢ ትግራይ ከጥፍእዎ ኩሉ ፈቲኖም ኮይኮነሎም ምስተረፈ፣ ሎሚ ጥፍኣት ናብኦም ተመሊሳ ዝወልዕዎ ሓዊ ክትልብልቦም ከላ፣ ንዓ ዕረኸና ዝብል ዘረባታት ትሕቲ ክብሪ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ስልታዊ ዕርክነት ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ህዝቢ ትግራይ ብመንጽር መትካላት ብሄራዊ ዕላማኡ ኣስተውዒሉ ቀዋም ዝሕዘሉ ይኸውን እምበር፣ ቃልዕ ዝወጸ ናይ ኩሱራት ፕሮፓጋንዳዊ ድግስ ኣየድልዮን። ብግልጺ ቋንቋ ህዝቢ ትግራይ ተደሚሩ ናይ ዝኸሰረ ማንም ሓይሊ መማልእቲ ኣይኸውንን።

ዕድል ሃገረ ኢትዮጵያ ውን እንተኾነ ልዕሊ ህልውና፣ ልምዓት፣ ረብሓን ብሄራዊ ክብርን ስለዘይኮነ፣ ህዝቢ ትግራይ ውራዩ ነብሱ ጉዲፉ መስዋእቲ ዝኸፍለሉ ጉዳይ ክኸውን ኣይግባእን። ኢትዮጵያ ከም ሃገር ኣንጻር ህላወ ትግራይ ህልውንኣ ክትረጋገጽ ኣይግባእን። ህዝቢ ትግራይ ሕልሙን ባህጉን ከስምር ዝጽበዮ ኮነ ትጽቢት ዝገበረሉ ካልእ ኣካል ከምዘየለ ፈሊጡ፣ እቲ ሕዚ ፈጢርዎ ዘሎ ስምረትን ትግሃትን ኣሐይሉ ይቕጽል እምበር፣ ዕፉንስ ያ ከም ሰብኣይን ይጭሕምን ከም ቆልዓን ይሕዘል ከምዝበሃል፣ መማልእቲ ጎደሎ ተደመርትን መርሕ እልቦ ተቓመርትን ፓለቲካ ኢትዮጵያ ኣይኸውንን። ትግራዋይ ኣብ ሃገረ ኢትዮጵያ ግደ ኣለዎ እንተተባሂሉ ውን እታ ሃገር ከሳብ ዘላ ፓለቲካዊ ግደኡ ብዓቕኑ እንዳተጻወተ፣ ቁጠባዊ ረብሕኡ ንምዕማም ዘኽእል ቅኑዕ መስርሕ ክህሉ ይሰርሕ። ነዚ ዝጻረር መስርሕ እንተመጽዩ ውን ዕድሉ ብባዕሉ ንባዕሉ ይውስን እምበር ረብሕኡን ክብሩን ኣህጊሩ ምእተ ምህላው ሃገር ኢሉ ዝኸፍሎ ከንቱ መስዋእቲ ክህሉ ኣይግባእን።

ህዝቢ ትግራይ ኣብዛ ዘመነ ዘመን ነጥቢ-መቐይሮ ሙሉእ ሓይሉን ጉልበቱን፣ ብሓደ ገጽ ተጻብኦታት ይምክተሉ ብካልእ ገጽ ድማ ድልድልትን ምዕባለን ትግራይ ክትህሉ ኣብ ውሽጡ ዘለው ብልሽውናታት እዩ ኪቃለስ ዝግብኦ።

ናይዚ ዘመን ኣንፈት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ዘለዎ፣ ሰላማን ድሕነታን ዝተውሓሰ ብልጽግትን ዴሞክራስያዊት ትግራይ ክትሃንጽ ምእንታን፣ ብሓደ ገጽ ነቶም ዓንቀፍቲ ሕልሙ ዝኾኑ ግዳማውያን

ሓይልታት እንዳመከተ፤ ብካልእ ገጽ ድማ ሓድነቱን ውሽጣዊ ህድኣቱን ናብ ሓደጋ ዘእተዉ ባዕላዊ ጸገማት ምእራም ዝብል እዩ፡፡ ልዕልና ሕጊ፣ ፍትሒ፣ ርትዕን ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍትን ዘይስፈኖ ሓድነት ትግራይ ክይዱክይዱ ፈራሲ ስለዝኾውን፤ ህዝቢ ትግራይ በሰር ኣልቦ ትግራዋይ ዴሞክራስን ልምዓትን የድልዮ፡፡ ስለዝኾነ ከም ህዝቢ ንዴሞክራስን ፍትሕን ከምኡ ውን ንርትዕን ልዕልና ሕግን ዘለዎ ርድኢት ተብግሶን ክሕይል ይግባእ፡፡

ጸገማት ምሕደራ፣ ልምዓት፣ ሳላምን ዴሞክራስን ዝእለዩ፤ ኣብ ትግራይና ዓፋንን ረጋጽን ኣሰራርሓን ኣረኣእያን ምስዝእለ ምኻኑ እምነት ነፍሲ-ወከፍ ትግራዋይ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኣብ ውሽጡ ልዕልና ሕጊ፣ ፍትሒ፣ ርትዕን ዴሞክራስን ዘይሃነጸ ህዝቢ፤ ሓድነቱ ዘተኣማምን ከምዘይኸውን ኣሚኑ፤ ውራያት ምርግጋጽ ልዕልና ሕግን ሙሉእ ዴሞክራስን ልዕሊ ማንም ግዘ መስዋእቲ ዝሓቱ ውራያትና እዮም ኢሉ ውሽጣዊ ቃልሱ ክሕይል ይግባእ፡፡ ድኽነት ንምስዓር ውን እንተኾነ መድሕን ሰላምን ህድኣትን ዝኾኑ መትከላት ልዕልና ሕግን ዴሞክራስን ክኽበሩ ግድን ከምዝኾነ ኣሚንካ ናብ ተግባራዊ ቃልሲ ምእታው ንጽባሕ ክበሃል የብሉን፡፡

ካልእ ኣብዚ ወሳኒ እዋን ህዝቢ ትግራይ ከም ሓደ ጥዕንኡ ዝተማልአ ህዝቢ ክሕንገጦ ዝግባእ መትከል፤ ቀጻሊን ውሑስን ህልውንኡን ድሕነቱን ብ ውልቀ ሰባት ወይ ድማ ብ ሓደ ውድብ ዝውሰን ክኸውን ከምዘይብሉ እዩ፡፡ ውልቀ ሰባት ይኸዱ ይመጹ፡፡ ውድባት ውን ከምኡ፡፡ ዘልኣለማውን ነባርን ድሕነት ህላወን ሓደ ህዝቢ ዘይነቓነቕ ዝኸውን፤ ኣብ ልዕልና ሕግን ሕገ-መንግስታውንያን ብሄራውያን ትካላት ሕግን ጸጽታን ክንደቕ ከሎ ጥራሕን ጥራሕን ምኻኑ ናይ ወትሩ መርገጺን እምነት ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ኣለዎ፡፡

መትከላዊ ትግራዋይ ሓድነትና ንህላወና!

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ሞጎስን ንሰማእታትና!

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ

መጋቢት 6/2011 ዓ.ም

መቐለ